# ካልኣይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ተዛዚሙ

እቲ ካብ ዕለት 4 ግንቦት ክሳብ ዕለት 6 ኣብ ጀርመን ከተማ ፍራንክፈርት ክካየድ ዝቐነየ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ: ኣብ ዛዕባታቱ ኣስፈርዎም ዝነበረ ጉዳያት ዘትዩን ወሲኑን።ዝዘተየሎም ውሽጣዊ ኩነታት ሰልፊ: ኩነታት ተቓዋሚ ደምበን ዝምድና ሰደኤን ምስኣቶም: ውሽጣዊ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራን: ምልካዊ ምምሕዳር ህግደፍን: ኩነታት ከባቢናን ጽልዉኡ ኣብ ሃገርናን ህዝብናን ብሐፈሻ: ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊ ተቃዋሚ ደምበን ነይሮም።

ነዚኦም ድሕሪ ብግቡእ ምጽናዕን ምምርማርን ውሳኔታት ኣሕሊፉ።

ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ ኣብ ኣኼቡኡ ኣብ ቦታ ተጣባበቕቲ ዝጸንሑ ክልተ ኣባላት ባይቶ ቀወምቲ ኣባላት ብምግባር: ን ኣቶ መሓመድብርሃን ዓብደልቓድርን ወይዘሪት ሰናይት ወልዱን መሪጹ።

ብተወሳኺ ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ ዝመጽእ መደባት ስራሕ ዘተግብር ዳግመ ምርጫ ፈጻሚ ሽማግለ ኣካዩዱ። ንሳቶም ከኣ:-

- ኣቶ መስፍን ሓጎስ ኣቦ መንበር
- ኣቶ መሓመድኑር ኣሕመድ ሓላፊ ፖለቲካዊ ውድባውን ጉዳያት
- ኣቶ ሓምድ ድራር ጸሓፊ
- ኣቶ ተስፋሚካኤል ዮውሃንስ ሓላፊ ክፍሊ ፋይናንስን ቁጠባን
- ወይዘሮ ምሕረት ገብረየሱስ ሓላፊት ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት
- ኣቶ ረዘነ ተስፋጽዮን ሓላፊ ክፍሊ ዜናን ህዝባዊ ርክባትን
- ኣቶ ሓጅ ዓብደልኑር ሓላፊ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ።

ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ኣብ መወዳእታ ንኣኼባኡ ዝምልከት ደምዳሚ ኣዋጅን ወሳኔታትን ኣሕሊፉን ኣዊጁን።

**ካልኣይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ**
**7 ግንቦት 2007**
**ፍራንክፈርት/ ጀርመን**